


# ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ፈ/ሸ ውሓዲለ

ሰንበት ዕለት 6 ጥቅምቲ 2019፡ፈ/ሸ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ኣቦ/መ ፈ/ሸ ኣቶ ተስፋሚኪኤል ዮሃንስ ንኣባላት ፈ/ሸ እንቋዕ ደሓን መጻኹም ድሕሪ ምባሉ ኣብ ካልኣይ ኣኼባ ዝሓለፈ ጸብጻብ ክጸድቀሉ ድሕሪ ምሕታት፡ ንሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ዘእቱ ኣጀንዳ ሰሪው ኣቕሪቡ።

ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈ/ሸ ውሓዲለ ኣብ ዘካየዶ ንውሕ ዝበለ ክትዓት፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኩነታት ህዝብናን ካብ ዝኸፈአ ንዝኸፍአ ኣንፈት ዘንቆልቁለሉ ኣሉታዊ ምዕባለን ሓደጋን ንምዕጋት፡ ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ህዝብናን ደምበ ተቓውሞ ካብ ዝሓለፈ ተሞክሮታት ተማሂሩ ቃልሱ ንምሕያል፡ ክጥቀመሉ ንዘለዎ ሓድሽ ኣገባብ ቃልሲ ኣብ ዝሓሸ ባይታ ሓድነት በጺሑ ሓባራዊ ሃገራዊ ኣረኣእያ ወኒኑ፡ ንኤርትራ ብልዕላውንት ሕጊ፡ ብነጻን ፍትሓውን ምርጫ ኣቢሉ፡ብህዝቢ ዝተመርጸ መንግስቲ ዘመሓደረላ ሃገር ክትህሉ ዘጠቓለለ ነበረ።

ውሓዲለ ንገዝእ ርእሱ ውጽኢት ልቦና ዕዉት ምትሕንፋጽ ሰለስተ ዝተፈላልያ ሓይልታት'ዩ። እዚ ሓድሽ ዝተመርጸ ፈ/ሸ ጉዳይ ሓድነት ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ቀዳምነት ሂቡ ኣብ ኣጀንዳ ስፈሩ ክካታዓሉ ከኣ ባህርያዊ'ዩ። ነዚ ጉዳይ ንምስላጥ ከኣ ኩሉ ንሓድነት ዝመርሓና መንገዲ ምፍታሽን ምስ መሓዙት ኣብ ውድባት ዘተን ልዝብ ኣቲኻ፡ ነቲ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ትጽቢት ህዝብና ኣብ ትግባረ ንምውዓል እጃም ንምብርካት'ዩ።

ንውሽጣዊ ጉዳይ ውድብ ዝምልከት ብዙሓት ኣርእስትታት ተላዒሎምን ተዘሪብሎምን።እቲ ዝዓበየን ብህጹጽ ኣብ ተግባር ክውዕልን ክዕመምን ዘለዎ ሓድሽ ዞባን፡ ጨንፈራትን ዝምልክውድባዊ ቅርጻ ተማሊኡ ክቐውም ብመሰረት ውሳኔ መስራቲ ሓድነታዊ ጉባኤን፡ ውሽጣዊ መምርሕን ተኸቲሉ ነፍስ ወከፍ ቤት ጽሕፈት ፈ/ሸ ተኻቲዑ።

ኣብ መወዳእታ ፈ/ሸ ውሓዲለ ነቲ እንዳዓብየ ዝኸይድ ዘሎ ህዝባዊ ማዕበል' ይኣክል كفاي **Enough** " ሙሉእ ድገፍ ከም ዝግብረሉን፡ ደጊሙ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ክሳተፎን ኣብ'ቲ ቀንዲ ዕላማ ኣትኵሩ ክቃለስ ኣብ ቅኑዕ መስመር ቃልሲ ጸኒዑ ክምርሽን ጸዋዒቱ ብምሕዳስ ኣቕሪቡ።

ዕድመ ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ
ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ